**Hallo**
**Basel-Stadt**

Kanton Basel-Stadt

# መጉዓዝያ

ባቡርን ኣውቶቡስን

ብሽግለታ / ብእግሪ

መኪና / ሞተርሳይክል

ናይ መምርሒ / ምዝዋር ተሽከርከርቲ ፍቓድ

# ባቡርን ኣውቶቡስን

**ህዝባዊ መጉዓዝያ ኣብ ስዊስ ኣዝዩ ጽቡቕ ትሕተ-ቅርጺ ኣለዎ። ብቐሊሉ ኩሉ ቦታታት ብባቡር ወይ ባውቶቡስ ክትበጽሖ ይከኣል። ናይ መጉዓዝያ ኣገልግሎት ብስሩዕ ልክዕ ኣብ ግዜኡን ኣብ ዝተመደበልን ናይ ግዜ ፍልልይ ይኸዓዛ።**

## ህዝባዊ መጉዓዝያ

ህዝባዊ መጉዓዝያr (ÖV) ኣብ ስዊስ ልዑል ዋጋ ኣለዎ።ኩሉ ቦታታት ኣብ ሰዓት ብዙሕ ግዜ ክትበጽሖን ይከኣል። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ ብዙሓት ተኻዕዝቲ ባቡር ወይ ኣውቶቡስ ይጥቀሙ። መጉዓዚ ዋጋ ብተዛማዲ ክቡር ኢዩ። ነዚ ንምቕላል ገንዘብ ንምቁጣብ ግን ዝተፈላለየ ተኽእሎታት ኣሎ። ኣቦኖሚ/ንዝተናውሐ ግዜ ዝኸፈል: ወይ ናይ ሕሱር ዋጋ ትኬት ምግዛእ ይከኣል። ብተዛማዲ ሕሱር ዝኾነ ፍርቂ ዋጋ ትኬት (Halbtaxabonnement) ንኣብነት ናብ ምሉእ ስዊስ ዘገልግል ፍርቒ ዋጋ ዝገብር ትኬት ንዓመት ዘገልግል ምግዛእ ይከኣል።

## ምጉዓዚ ትኬትን ኣቦነሜንትን / ንነዊሕ ግዜ ዘገልግል ትኬት

ባቡር ጌሩ ክጎዓዝ ዝደሊ ሰብ ኣቐዲሙ ናይ መጉዓዚ ትኬት (Billett) ክገዝእ ይግባእ። ኣብ ባቡር ትኬት ምግዛእ ኣይከእልን ኢዩ። ኣብ ኣውቶቡስ ግን ዝተፈላለየ ሕጊ ኣሎ። ኣብ ኩሎም መደበር ባቡራትን ኣብ ናይ ኣውቶቡስ ጠጠው ዝብላሉ ቦታታትን ናይ ትኬት መቑረጺ ማሽናት/ኣውቶማት ኣለዋ። ኣብ ዕበርይቲ መደበር ባቡራት ናይ ትኬት መሸጢ ባንኮ ውን ኣሎ። ትኬት ኣብ መስመር ኢንተርነት ወይ ኣብ ናይ ኢድ ተለፎን ክትገዝእ ይከእል። ብዙሕ ግዜ ብህዝባዊ መጉዓዝያ ዝንቀሳቐሱ ሰባት: ዝተፈላለየ ናይ ነዊሕ ግዜ ትኬት /ኣቦነሜንት/ ክገዝኡ ይምረጽ። እዚ ናይ ዝተወሰነ መስመር ጉዕዞ: ናይ ዝተወሰነ ቦታ/ከባቢ/ ወይ ከኣ ኣብ ምሉእ ስዊስ ዝርከባ መጉዓዝያ ዘገልግል ሓፈሻዊ ትኬት/ኣቦነንት (Generalabonnement) ምግዛእ ይከኣል። ክሳብ 16 ዓመት ዕድሜኦ ምስ ወለዲ ወይ ምስ ኣቦ/እኖሓጎ ብዘይ ገለ ናይ መጉዓዝያ ክፍሊት ኣብ ስዊስ ክትጓዓዝ ይከኣል: ናይ ጁኒዮር ወይ ናይ ደቂ-ሓጎ (Junior- oder Kinder-Mitfahrkarte) ምስዝህልወካ: ብነጻ ትጎዓዝ። ቆልዑት ትሕቲ 6 ዓመት ዝዕድሜኦም ብነጻ ይጎዓዙ። ሓበታ ንትኬትን ኣቦነንትን ዝምልከት: ካብ ናይ ስዊስ መንገታዊ ናይ ሓዲድ ትካል (SBB) ወይ ካብ ናይ ኣውቶቡሳት ትካላት ክርከብ ይከእል።

## Tarifverbund Nordwestschweiz TNW

እቲ Tarifverbund Nordwestschweiz TNW ቲከት ኰንትራት ንምእታው ከምኡውን መዓልታዊ ንምሕላፍ ፍሉይ ገምጋም ኣብ ባሰል/Baselን ከባቢኡን ይህብ። እቲ ኸባቢ ኣብ እተፈላለየ ዞባታት ተመቒለ። ኣብ ዞባ ኖርዝወስተርን ስዊዘርላንድ ብናይ ጽዕነት ኣውቶቡስ ከምኡውን ብባቡር ብተደጋጋሚ ትጕዓዝ እንተደኣ ኾንካ ካብቲ U-Abo ኽትጥቀም ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣብ ምሉእ ከባቢ መርበብ TNW ከምኡ ድማ ኣብ ወጻኢ ዶብ ዘሎ ከባቢታት ብቑዕ እዩ። ክንዮ እቲ ኸባቢ እንተ ኼድካ እተፈልየ ቲኬት የድልየካ።

## ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት ናይ ምምሕዳር ከባቢ

ኣብ ውሽጢ ስዊስ ሓደ ነዊሕ ናይ መዓልቲ ጉዕዞ ዝምድብ ሰብ: ካብ ብዙሓት ምምሕዳር ከባቢታት ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት(Gemeindetageskarte) ብዝሓሰረ ዋጋ ክገዝእ ይኽእል። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ቤት-ጽሕፈት ተቐማጦ ከምኡ‘ውን ናይቲ ከባቢ ምምሕዳር ቤት-ጽሕፈት ይሕብር።

## ናይ ለይቲ ናይ መጉዓዝያ መስመራት

ኣብ ሰሙን ዕረፍቲ (ኣብ ለይቲ ካብ ዓርቢ ክሳብ ቀዳምን ካብ ቀዳም ክሳብ ሰንበትን)፡ ትራም፡ ኣውቶቡሳትን ባቡራትን እውን ኣብ Basel-Stadtን ከባቢኣን ምሸት ምሸት ይኸዳ። ንናይ TNW ናይ ለይቲ መርበብ ተወሳኺ ክፍሊት የለን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/mobility/train-and-bus

# ብሽግለታ / ብእግሪ

ኣብ ብግቡእ ዝተሓንጸጸን ዝተሃንጸን መስመር ብሽግለታ: ኣብ ካንቶን Basel-Stadt ብብሽግለታ ክትጉዓዝ ምቹእ ኢዩ። ብዙሓት ሞያዊያን ሰራሕተኛታት ናብ ስራሕ ንክመላለሱ ብሽግለታ ይጥቀሙ። ንብእግሪ ዝጉዓዙ ወይ ዝዛወሩ ውን ጽቡቕ ናይ መዛወርን መጎዓዝን መገድታት ኣሎ።

## ብእግሪ ወይ ብብሽግለታ (Velo) ምጉዓዝ

Basel-Stadt ንምዝዋር ብሽግለታን እግረኛታትን ኣዝዩ ምቹእን ውሑስን ኢዩ።ንሓጺር መንገዲ ብዙሓት ሰባት መካይኖም ከምዘይናቶም ይርእይወን።ኣብ ብዙሕ ቦታታትናይ ብሽግለታ ወይ ናይ ኣጋር መንገዲ ኣሎዉ። ኣጋር ተጃዓዝቲ ኣብ ኩሉ ናይ ኣጋር ምልክት ብጫ ሕንጻጽ ዘለዎ ጽርግያታት: (ብዘይካ ናይ መንራህቲ ሴማፈሮ ምልክት ሕግታት ዘለዎ) ብእግሪ ክጃዓዙ ከለዉ ቀዳምነት ኣለዎም። ኣብ ካንቶን Basel-Stadt ብዙሕ ናይ ብእግሪ ትዛወረሉን: ተፈጥሮ እትርእየሉን ናይ ዕረፍቲ ግዜ እተሕልፈሉን ቦታታት ንምኻድ ዘኽእል ብዙሕ መንገዲታት ኣሎ። ናይ እግሪ ጉዕዞ ዝግበረሉ መንገዲ ብብጫ ሕብሪ ዘለዎ ታቤላ ተመልኪቱ ይርከብ።

## ሕግታት ንዘወርቲ ብሽግለታ

ኣብ ስዊስ ብሽግለታ ንምዝዋር: ፍሉይ መምርሒ ፍቓድ ወረቐት ወይ ፈተና ኣየድልን።ሓፈሻዊ ኣብ ምምራሕ መኪና ዘለዉ ሕግታት ምኽታል የድሊ። ፍሉን ናይ ብሽግለታ መንገዲ መስመር ጽርግያ ምስዝህሉ ግን: ነዚ ብዝግባእ ክትጥቀመሉ ይግባእ። ብሽግለታ: ንተሽከርከርቲ ብንጹር ትርአ ክትከውን ኣለዋ፣ (ክልተ ጽቡቕ ዝሰርሕ ፍሬኖ: ቃጭል: ዘንጸባርቕ ብቅድሚትን ድሕሪትን) ናይ ርእሲ ቆቢዕ /ሄልመት ክትገብር ግድን ኣይኮነን: እንተተገብረ ግን ተመራጺ እዩ። ዘወርቲ ብሽግለታ: ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ሓደ ናይ ግዴታዊ ድሕነት ውዕል ክኣትዉ ኣለዎም። በዚ ኣብ ሰብ ወይ ንዘስዕብዎ ዕንወት ንክሽፈነሎም ውሕስነት ይረኽቡ።

## ምልምማድ ምዝዋር ብሽግለታ

ምዝዋር ብሽግለታ ክላመድ ዝደሊ ሰብ: ሓደ ስልጠና ክወስድ ኣለዎ። ነዚ ዝምልከት ስልጠና ብማሕበር ፕሮ ቬሎ (Pro Velo) ይወሃብ። ንስደተኛታት ብኸፊሉ ፍሉያት ስልጠናታት ኣለው። ሕሱራት ዝተጠቀሙለን ብሽግለታ: ካብ ናይ ብሽግለታ ማዕከን ትካል (Velobörsen) ይርከባ።

## ናይ ብሽግለታ መጉዓዝያ

ኣብ ባቡር ወይ ኣብ ኣውቶቡስ ብሽግለታ ሒዙ ክጉዓዝ ዝደሊ ሰብ: ሓደ ፍሉይ ትኬት ክገዝእ የድልዮ። ኣብ ኩሉ ቦታ ወይ ኩሉ ግዜ እዚ ተኽእሎ የሎን። ገለ ክፋል ኣብ ባቡር ወይ ኣውቶቡስ ንብሽግለታ ዝኸውን ቦታ ይሕዛእ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/mobility/bicycle--on-foot

Hallo
Basel-Stadt

Kanton Basel-Stadt

# መኪና / ሞተርሳይክል

ኣብ ስዊስ ኣዝዩ ብጽቡቕ ምትእስሳር ዝተሃንጸ ጽርግያታት ኣሎ። መብዛሕትኡ ጽርግያታት ብነጻ ብዘይ ክፍሊት ትጥቀመሉ። ናይ ተሸከርከቲ ሕግታት ኣብ ስዊስ ዓቢ ትርጉም ኣለዎ። እዚ ሕግታት እንተዘይተተግቢሩ ኣብኡ ዝውሰን መቕጻዕቲ ኣዝዩ ብዙሕ ኢዩ።

## ናይ ተሽከርከርቲ ሕግታት

ሕግታት ተሽከርከርቲ ኣብ ስዊስ ንመራሕቲ መካይን ኣዝዩ ዓቢ ትርጉም ዘለዎ ሕጊ ኢዩ። ነዚ ምስዘይትትግብር ዝግበር መቕጻዕቲ ምስ ካልኦት ሃገራት ብምዝማድ: ኣዝዩ ብዙሕ ኢዩ። ዓቢ ጉድለት ወይ ምጥሓስ ሕጊ ምምራሕ ተሽከርከርቲ ምስዝፍጸም ግን: እቲ መምርሒ ፍቓድ ብትራፊክ ክትሕደግ ይከኣል።
ገለ ኣገደስቲ ሕግታት:

- ዝለዓለ ናህሪኣብ ውሽጢ ከተማ ወይ መንበሪ ገዛውቲ: 50 ክሎሜተር ኣብ ሰዓት: ኣብ ደገ : 80ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት: ኣብ ኣውቶስትራሰ: 100km/h፣ ኣብ ኣውራ ጎደና/ ዓቢ ጽርግያ: 120 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት
- ኣብ ኣውራ ጎደና/ ዓቢ ጽርግያ:ብየማን ምሕላፍ/ምቕዳም ክልኩል ኢዩ፤ ብየማናይ ኢድካ ማኪና ኽትዝውር ዚፍቀደሉ ምኽንያት ኣብ ጸጋማይ ወይ ማእከላይ መተሓላለፊ ዓምዲ እንተ ተፈጢሩ እዩ።
- መብራህቲ መኪና ዋላ ብመዓልቲ ክበርህ ኣለ
- ኩሎም ሰባት ኣብ መኪ ተሳሮም ዘለዉ: ብቁልፊ ክእሰሩ ኣለዎም።
- ቆልዑት ኣብ ናይ ቆልዑት ኮፍመበሊ ኮፍ ክብሉ ይግባእ( ክሳብ 12 ዓመት ዕድኦም ወይ 150 ሴንቲ ሜተር ቁመቶም።
- እንዳዘወርካ ተለፎን ብናይ እዝኒ መስምዒ ጥራይ ምዝራብ ይፍቀድ።
- ኣልኮል ወይ ሓሺሽ ወሲድካ ምዝዋር የቕጽዕ (Promillegrenze 0.5)
- ብእግሪ ተጎዓዝቲ ኩሉ ግዜ ቀዳምነት ( ኣብ መሰጋገሪ ኣጋር) ኣለዎም: ኣብ ሰማፈሮ/መብራህቲ ዘለዎ ግን ብሕጊ ምልክታት ይቕየድ

## ናይ ጎደና ክፍሊት

ጎደናታት ብመንግስቲ: ካንቶንን ምምሕዳር ከባቢን ይምወሉ። ጎደናታት ብዘይ ገለ ክፍሊት ክትጥቀመሎም ይከእል። ካብዚ ወጻኢ ዝኾኑ: ቀንዲ ዓበይቲ ጽርግያታት ካብ ከተማ ናብ ካልእከተማ ዘራኽቡ/ ኣውቶባን: ክትጥቀመሎም ክፍሊት ኣለዎ። ነዚ ዓበይቲ ጽርግያ ዝጥቀም በዓል መኪና: ነዚ ዝምልከት ናይ ክፍሊት ትኬት ኣብ መኪና ዝጥቃዕ (Vignette) ገዚኡ ይጥቀም። እዚ ትኬት ኣብ ቅድሚት ዝርከብ ናይ መኪና ቤትሮ ይጥቓዕ። እዚ ትኬት ካብ ናይ እንጻ ነዳዲ ወይ ካብ እንጻ ፖስታ ወይ ኣብ ናይ ተሽከርከርቲ ቤት-ጽሕፈት ምግዛእ ይከእል።

## ውሕስነት / ድሕነት

ኣብ ስዊስ ኣብ ናይ መኪና ድሕነት/ውሕስነት ዝተመዝገባ መከኣይን ጥራይ ምጥቃም ይከእል። ናይ መኪና ናይ ድሕነት/ውሕስነት ግዴታዊ ውዕል (Motorfahrzeug-Haftpflichtversicherung) ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ውልቂ ናይ ድሕነት/ውሕስነት ትካላት ይወሃብ።እዚ ውሕስነት: ኣብ ንብረትን ሰብን ንዝወርድ በቲ ተሽከርካሪ ዕንወት ይክሕስ:ኣብ ናይ ገዛእ መከናኻ ዝወርድዕንወት ግን ተወሳኺ ብድላይካ ትኣትዎ ድሕነት/ካስኮ/ (Kaskoversicherungen) ይሽፈን/ይከሓስ። መጠንቀቕታ: ካብ ሕግን ስርዓትን ምምራሕ መኪና ወጻኢ ብዝስዕብ ዕንወት ገን: እቲ ናይ ድሕነት ትካል: ኣይክሕስን/ኣሽፍንን ኢዩ። ንኣብነት: ኣልኮል ወይ ሕሺሽ ወሲድካ ምስትዝውር ንዝስዕብ ዕንወት: መራሕ መኪና ብሕጊ ተሓታቲ ይገብሮ።ናይ ተሽከርከርቲ ግዴታዊ ናይ ድሕነት ክፍሊት: ኣብ ናይ ውልቂ ግዴታዊ ናይ ድሕነት ክፍሊት ኣይጠቓለልን ኢዩ።

## ካብ ደገ መኪና ምእታው / ምምጻእ

ሓንቲ ማኪና ንሓዋሩ ናብ ስዊዘርላንድ ክትኣቱ እንተ ደሊኻ ናብ ቤት ጽሕፈት ጉምሩክ ክትእውጅን ብጉምሩክ ከተጽርን ኣሎካ። እታ ማኪና ብተክኒካዊ መዳይ እውን ክትምርመር ኣለዋ። ናይ ማካይን ሓላፍነት መድሕን ናይ ስዊዘርላንድ ሰነድ ምዝገባ ማካይን ከምኡውን ናይ ስዊዘርላንድ ናይ ፍቓድ ቀጸላ የድልየካ። ዝርዝር ሓበሬታ ኻብቲ Basel-Stadt (Motorfahrzeugkontrolle) ዚብሃል ቤ/ጽ ቍጽጽር ተሽከርከርቲ ሞቶር ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## Carsharing

መኪና ምክፋል (Carsharing) ማለት፣ ሓያሎ ሰባት ሓንቲ ወይ ልዕሊኡ መኪና ብሓባር ይጥቀሙ። መካይን ናይ ሓደ መኪና ዝካፈል ትካል መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዝተኻረየ መዕረፊ መካይን ኮይነን ኣቐዲመን ብኢንተርነት ወይ ብመንገዲ ኣፕ ይሕዛ። እቶም ቦታታት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ማእከላት ህዝባዊ መጓዓዝያ (ንኣብነት መደበራት ባቡር፡ መጋጠሚ ትራም፡ መዕረፊ ኣውቶቡሳት) እዮም። ብኣንጻር ናይ መኪና ክራይ፡ ኣጠቓቕማ መኪና ንሓጺር ግዜ'ውን ይከኣል እዩ፡ ንኣብነት ብሰዓት።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/mobility/car--motorcycle

# ናይ መምርሒ / ምዝዋር ተሽከርከርቲ ፍቓድ

**ኣብ ስዊስ መኪና ወይ ሞተርሳይክል ንምዝዋር: ሓደ ዘይወደቐ መዘወሪ/መምርሒ ፍቓድ ወረቐት የድሊ።ናይ ወጻኢ ወይ ናይ ደገ ምምርሒ ፍቓድ ወረቐት ኣብ ስዊስ ምስኣቶኻ ክሕደሱ ወይ ናብ ንያ ስዊስ ፍቓድ ክቕየሩ ኣለዎም።**

## ንኣይ ወጻኢ / ደገ ናይ መምርሒ / ምዝዋር ተሽከርከርቲ ፍቓድ

ኣብ ስዊስ ክነብር ዝመጽእ እሞ ኣቐዲሙ መምርሒ ፍቓድ ምምዝዋር መኪና (Führerausweis) ዘለዎ: ኣብ ውሽጢ 12 ወርሒ ነቲ ፍቓድ ናብ ናይ ስዊስ ክቐይሮ ኣለዎ። ነዚ ኣብ ቊጽጽር መኪና ሞቶር Basel-Stadt (Motorfahrzeugkontrolle) ናይ ጽሑፍ ጠለብ/ዶማምዳ ከቕርብ ኣለዎ። ከከም መበቖል ሃገር: ናይቲ መምርሒ ፍቓድ ዝተውህበሉ: እቲ መምርሒ ምልዋጥ ፍቓድ ይፈላለ። ኣብ ገሊኡ ናይ ምዝዋር ፈተና ይግበር: ወይ እቲ ሓታቲ ናይ ክልሰ-ሓሳብ ፈተና ክገብር ይሕተት። ቤ/ጽ ቊጽጽር መኪና ሞቶር Basel-Stadt ዝያዳ ሓበሬታ ይዝርግሕ።

## ናይ ምዝዋር / ምምራሕ መኪና ክእለት ፈተና

ኣብ ስዊስ ሓደ ፍቓድ መምርሒ/ ምዝዋር መኪናንምውናን: ንዕኡ ዝምልከት ፈተና ምግባር ኣድላዪ ወይ ናይ ግድን ኢዩ። እዚ ፈተና ናይ ክልሰ-ሓስብን ናይ ተግባርን ፈተና የጥቓልል። ኣብዚ ፈተና ክሳተፉ ዝፍቀደሎም ሰባት ካብ 17 ዕመት ናላዕሊ ጥራይ ኢዮም። ነዚ ዝምልከት ቅድመ-ኩነትን ኣገባብ ኣተገባብራ ቅደም ተኸተልን: ናይ ምምሕዳር ቊጽጽር መኪና ሞቶር ምውካስ ይከእል። ዓባይ መኪና/ላስትዋገን/: ኣውቶቡስ: ታክሲ ንምዝዋር: ፍሉይ ፈተና የድሊ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/mobility/drivers-license